ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀ ኣንስትዮ ብዕለት 11.03.2017 "ጓል ኣንስተይቲ ዋሕስ ልኡላውነትን ልምዓትን" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ብዙሓት ሃገራውያን ኣብ ዝተኻፈልዎ ኣብ ከተማ ማንሃይም ብድምቀት ተባዒሉ ኣምስዩ።

እቲ ብዝክረ ሰማእታት፡ ቀጺሉ ኸኣ ብህጻናት ዝቐረበ ሃገራዊ መዝሙር ዝተኸፍተ በዓል፡ ወይዘሮ ጸጋ ባህታ ኣደ መንበር ሃማደኤ ማንሃይምን ከባቢኡን ቃል ሃማደኤ ብምስማዕ "ሃማደኤ ከም ወትሩ ኣብ ምንቃሕን ተሳታፍነትን ደቀ ኣንስትዮ ኣበርቲዑ ክነጥፍ ምዃኑ ኣብሪሃ። ቀጺሉ ኣቶ ፍጹም ሳህለ ካብ ቆንስላዊ ቤት ጽሕፈት ፍራንክፈርት" ናይሎሚ ዓመት በዓል 08 መጋቢት፡ መድርኽ ተጻብኦ ኣላሽ ኣቢልና ኣብ መድርኽ ኩሉ እንትናዊ ንጡፍ ተበግሶ ኣቲና ኣብ ዘለናሉ ይጽንበል ምህላዉ ፍሉይ ይገብሮ" ክብል ገሊጹ። ኣብቲ በዓል ፍሉይ ድምቀት ካብ ዝሃቦ ሓደ ከኣ ብ"መንእሰያት ሕድሪ" ዝጽውዑ፡ ዕድሜኦም ካብ 12-17 ዝኾኑ ቆልዑ ንጽንዓት ኤርትራዊት ጓል ኣንሰይቲ ዝገልጽ ብሳዕስዒትዝተሰነየ ምርኢት ኣቕሪቦም። ከምኡ'ውን ኣብ ጽንብል ኢዮቤልዩ በዓልና ኣብ ሃገርና ዝተኻፈለት ወይዘሮ ሞኒካ ብላኽ ዝተባህለት ጀርመናዊት፡ ኣብ ዘቕረበቶ መደረ፡ ከምዚ ክትብል ገሊጻ። "ኣብ ኤርትራ ናይቲ ህዝቢ ሓድነትን ናይቲ ሃገር ሰላምን ብጣዕሚ'ዩ መሲጡኒ። ብወገን ደቀ ኣንስትዮ ከኣ ካብቲ ዝለዓለ ጽፍሒ ክሳብ'ቲ ዝተሓተ ደቀን ሓዚለን ኣብ ስራሕ ክሳተፉ ተዓዚበ። ልዕሊ ኩሉ ዝመሰጠኒ ግን ደቂ ኣንስትዮ መገዲ ኣጋር(ማርሻቤዲ)ኣብ ኣስመራ ክሰርሓ ምስረኣኹ እየ። ኣብ ጀርመን ዘየለ ነገር ስለዝኾነ" ክትብል ብተምሳጥ ገሊጻ።

ዝስዒቡ ብብመድርኹ፡

*ቃል ሃገራዊ ሽማግለ ማንሃይምን ከባቢኡን ብኣቦ መንበር ኣቶ መሓሪ ተስፋልደት፡

*መልእኽታዊ ጽሑፍን ታሪኽን፡

ብመምህር ሓድገምበስ ሃይለ

ብኣቶ ስፋፍ ኣደም

ብተጋዳላይ ኪሮስ ገብረሚካኤል

*ግጥሚ

ብኣቶ ወልዳይ ተኸስተን

ብተጋዳላይ ኣንገሶም ኢሳቕ

ድሕሪ ምቕራብ ብድሙቕ ባህላዊ ጸወታ ክጽወት ድሕሪ ምምሳይ ልክዕ ፍርቂ ለይቲ ብዓወት ተጻዚሙ።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስዉኣትና

ዓወት ንሓፋሽ

ሃማደኤ ማንሃይምን ከባቢኡን

14.03.2017